ኤጀንሲ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእከሎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ክልል ትግራይ ናይ ሓለዋ ስራሕቲ፣ ናይ ፅሬት ስራሕቲ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ግልጋሎት ክረክብ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሓምለ 12, 2011 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓምለ 25, 2011 03:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:4000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓምለ 25, 2011 04:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬትን ኣገልግሎት/ ስራሕቲ ሓለዋ/

1 በቲ ዘርፊ ናይዚ ዘመን ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ከቅርብ ዝክእል፤

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ /ቲን ሰርቲፊኬት ከቅርብ ዝክእል፤

3 ንተወሳኪ እሴት ታክስ /ቫት/ ዝተመዝገበ ኮይኑ ቫት ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ ወርሒ ሓምለ 2010ዓ/ም ቫት ዲክላሬሽን ከቅርብ ዝክእል፤

4 መቕረባይነት ዝተኻመዝገበ ምካኑ ሕጋዊ ምስክር ወረቀት ከቅርብ ዝክእል፤

5 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መመርሒ ጨረታ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 30.00 እናከፈሉ ካብ ኤጀንሲና ዳ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ርን 5ይ ደብሪ ካብ ዕለት 10/11/2011ዓ/ም ክሳብ 24/11/2011 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ምውሳድ ይክእሉ፤

6 ዝቐርብ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሐደ ኮፒን ንበይኑ ብሸምዒ ብዝተዓሸገ  ኢንቨሎፕ ኮይኑ ኣብ ላዕሊኡ ናይ መቕረባይ ሙሉእ ሽም ናይቲ ትካል ኣድራሻ ስልኪ ቊፅሪ ናይ ምንታይ ዓይነት ጨረታ ምዃኑ ናይዚ ቤት ዕዩ ሽም ክሕብር ኣለዎ።

7 ተጫረቲ ዘትሕዝዎ መክብሪ ጨረታ ንዝተፈላለዩ ዓይነታት ንብረት ን ሓለዋ ስራሕቲ ብር 4,000.00 /ኣርባዕተ ሽሕ/ ን ፅሬት ስራሕቲ 4,000.00 /ኣርባዕተ ሽሕ ቅርሺ/ ብሽም ኤጀንሲ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእከሎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ክልል ትግራይ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብCPO ናብ ዝተዳለወ ናይ ቤት ዕዩ ጨረታ ሳንዱቅ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከትሕዙ ዝክእሉ::

8 እቲ ጨረታ ዕለት 25/11/2011 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:30 ቕድሚ ቐትሪ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቐትሪ ሰዓት ኣብ ክፍለ ከተማ ሐወልቲ ፊት ን ፊት ሆቴል ፕላኔት ዝርከብ ሰናይ ዘበን ህንፃ 5ይ ኤጀንሲ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእከሎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ክልል ትግራይ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ተጫረቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ዝኽፈት ኮይኑ ተጫረቲ ብዘይምርካቦም ጨረታ ምኽፋት ኣይተኣጎልን።

9 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ቫት ዝሐወሰ ክኸዉን ኣለዎ ተዘይኾኑ ቫት ከምዝሐወሰ ርዱእ ተገይሩ ይዉሰድ።

10 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን 45 መዓልቲ ይኸዉን።

11 ኤጀንሲና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብኽፋል ይኹን ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

መተሓሳሰቢ ንተወሳኪ ሓበሬታ ስልኪ ቁፅሪ 0342-400009 ደዊልካ መብርሂ ምሕታት ይከኣል ፡፡

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle